# ኣፈላልያ ጐሓፍ

እትጉሕፎ ጐሓፍ ሓደገኛን ጠቓምን ነገራት ኪሕዝ ይኽእል'ዩ። ንጐሓፍካ ብጽቡቕ ኣገባብ እንተ ፈላሊኻዮ: ብዘተኣማምን ኣገባብ ኪእለ ይኽእል:- ዚበዝሕ ኣብ ዳግመ-መዓላ ኪውዕል ይኽእል። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ: ጥዕና ሰባትን ከባብን ይሕሎ። ሓደ ማተርያል ብተደጋጋሚ ብምጥቃም'ውን ጸዓትን ጸጋታት ተፈጥሮን ከነድሕን ንኽእል ኢና።

## ኣፈላልያ ጐሓፍ ገዛ ኣብ ኦስተርሱንድ



### ንኸባቢ ሓደገኛ ጐሓፍ

ንኣብነት:- ከም በርንቾ: ዘይቲ ሞተር: መሕቀቒ ፈሳሲ: ኬሚካላት: ባተርያ: መብራህቲ ፍሎረሰንት: ኣምፑል: መብራህትታት ትሑት ጸዓት: ኤለክትሮኒክ (ኵሉ ገመድ ወይ ባተሪ ዘሎዎ): ኮስመቲክ።
ኣብ ኣፓርታማ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ንመአከቢ ሓደገኛ ጐሓፍ ዘገልግል ቀይሕ ሳጹን ኪህሉ ይኽእል'ዩ። ኣብ ብዙሓት ድኳናት: ዝኣከብካዮ ሓደገኛ ጐሓፍ ዚግደፈሉ ሳጹን (miljöskåp) ኣሎ።





### ጐሓፍ መግቢ

ንኣብነት:- ከም ተረፍ-መረፍ መግቢ: ዳካ ቡን: ከረጺት ሻሂ: ቅራፍ እንቋቑሖ: መንቀጺ ወረቐት ገዛ: ሳልቬታ: ዕምባባታትን ርስሓት ዕምባባን።






ተረፍ-መረፍ መግቢ ኣብ ልሙድ ከረጺት ጐማ ኣይዕሸግን'ዩ። ኣብ ኮምፖስት ኪኸውን ዚኽእል ጐማ እዩ ዚእከብ። ቅርጫትን ከረጺትን: ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ሮድሁሰት (Rådhusets reception) ወይ ኣብ ኡደንስኩግ (Odenskog): ኣብ ሊትን (Lit) ኣብ ብሩንፍሉ (Brunflo) ዚርከባ ማእከላት ዳግመ-መዓላ ብናጻ ትወሃብ። ሓደሓደ ዋናታት ገዛ: ንተኻረይቲ ዘንቢልን ከረጺትን ይዕድሉ'ዮም።



### ዚነድድ ተረፍ

ንኸባቢና ሓደገኛ ዘይኮነ ወይ መዐሸጊ ማተርያል ከም ፕላስቲክ: ወረቐት: ጨርቂ ዓለባ: ዕንጨይቲ: ጐማ: ቈርበት። ንኣብነት: ከም መፋሕፍሒ: ክዳን: ሳእኒ: ቡስጣ: ፈትሊ: ብርዒ: መጻወቲ: መሐበሻ (ብሎያ): ሞዴስ: ጡጥ: መኹኰዒ እዝኒ: ሽጋራ: ትንባኾ። መጣግ መዐሸጊ ኣብዚ ይቕመጥ።
ዝተረፈ ዚነድድ ትዕሽጎ - ነቲ ከረጺት እሰሮ።





### ዚኸመር ጐሓፍ

መዐሸጊ ዘይኮነ ከም ጥርሙዝን ካይላዊ ኣቑሑን:- ብርጭቆ: መስትያት: ፖርስሊንን ቫልቮላን።
ክሳዕ ሕጂ: ኣብ ሓደሓደ መአከብታት ጐሓፍ ንዝኾመር ጐሓፍ ዚኸውን መዕቈሪ ኣሎ። 'ረስትኣቭፋል' (Restavfall) ወይ 'ዴፖኒረስት' (Deponirest) ዚብል ጽሑፍ ኣሎዎ። እንተ ዘይኮነ: ጥርሙዝን ካይላዊ ኣቕሓን ኣን ማእከል ዳግመ-መዓላ ይግደፍ።

ክትድርብዮ እትደሊ ገዚፍን ከቢድን ጐሓፍ ኣሎካ'ዶ፧ ዝኣረጉ ኣቑሑን ዝተሰብረት ቴለቪዥንን ኪኾኑ ይኽእሉ። ሓደሓደ ብዙሕ ገዛውቲ ዘሎዎም ህንጻታት ናይ ገዘፍቲ ጐሓፋት መአከቢ ክፍሊ (grovsoprum) ኣሎዎም። ናይ ገዘፍቲ ጐሓፋት መአከቢ ክፍሊ (grovsoprum) እንተ ዘየሎ: ጐሓፍቲ ኪእዝዝ ንዋና ገዛ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ካብኡ ዝተረፈ ዓብን ከቢድን ጐሓፍ ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ ይግደፍ።
ብዛዕባ ኣፈላልያ ጐሓፍ ኣብ መካነ-መርበብ ኦስተርሱንድ ኮሙን [www.ostersund.se/sopor](www.ostersund.se/sopor)
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ።



### መዐሸጊ ፕላስቲክ

ንኣብነት: ከም ከረጺት ፕላስቲክ: መሸፈኒ ረቂቕ ፕላስቲክ: ሳርማ ፕላስቲ: ጥርሙዝ ፕላስቲክ: መዐሸጊ ፍሪጎሊት: ኩባያ ወረቐት/ፕላስቲክ: ብያቲ ወረቐት/ፕላስቲክ።
ቲቪ ክትገዝእ ከለኻ ዚመጽእ ዓበይቲ ፍሪጎሊት ከም መዐሸጊ ፕላስቲክ ይጽብጸብ።



### መዐሸጊ ወረቐት

ንኣብነት:- ከም ባኮ ፓስታ: ባኮ ሓርጭ: ባኮ ጸባን ጁስን: ከረጺት ወረቐት: ንእስ ዝበለ ካርቶኒ: ኩባያ ወረቐትን ብያቲ ወረቐትን።
ካርቶኒ ካም ባኮ ወረቐት ይቕጸር።



### ሜታላዊ መዐሸጊ

ንኣብነት:- ከም መዐሸጊ ታኒካ: ቱብ: ታኒካ ስፕረይ: ባሊቃ: መኽደኒ: መሸፈኒ ኣሉሚንዩም: ኣሉሚንዩም ፎርም ከምኡ'ውን ዝተፋሕቀ ታኒካታት ሕብሪ።




### ጥርሙዝ መዐሸጊ

ፍያስኮ ጥርሙዝን ሳርማታት ጥርሙዝን ጥራይ። ሕብሪ ዘሎዎን ሕብሪ ዘይብሉን ጥርሙዝ ፈላልዮ።
መስተዪ ብርጭቆ: መስትያት: ፖርስሊንን ካልእ ተመሳሳልን: ከም መዐሸጊ ጥርሙዝ ኣይጽብጸብን'ዩ - ከም 'ዚኾመር ጐሓፍ' ይጽብጸብ። ኣምፑላትን መብራህትታት ትሑት ጸዓትን እውን ጥርሙዝ ኣሎዎም፤ ግን ከም ሓደገኛ ጐሓፍ (Miljöfarligt avfall) ይጽብጸቡ።



### ጋዜጣታትን ወረቓቕቲ ጽሕፈትን

ንኣብነት: መዓልታዊ ጋዜጣ: መጽሄት: መጋዚን: ቆጽሊ ሬክላም: ካታ ጽሕፈት: መስኣሊ ወረቐት



መዐሸግታት ከከም'ቲ ዝዓበየ ክፋሎም ፈላልዮም። መጠግጠግ ዚብሉን ዚሽትቱን ነገራት ከይህልዉ ኣጽርዮም፤ ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ ከኣ ግደፎም። ኣብ ኣፓርታማ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ኣብቲ መጉሓፊ ክፍሊ ናይ መዐሸግታት መአከቢ ኪህሉ ይኽእል'ዩ። መዐሸግታትን ጋዜጣታትን ከም ዘለዉዎ (ኣብ ጐማ ከይዓሸግካ) ኣቐምጦም።

**ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ መዐሸግታትን ጋዜጣታትን ትገድፍ**

